ናይ ሰሜን ምብራቕ ክልል ከተማ ናይ ቛንቛ መማሓየሺ ማእከል (NEMLDC)

# ንቛንቛ መማሓየሺ ዘይምዕሩይ ጸገም (DLD)

## ንወለዲ: DLD እንታይ እዩ?

**ናይ ቛንቛ መምሓየሺ ዘይምዕሩይ ጸገም (DLD) ንቛንቋ ከመይ ይርድእዎን ይጥቀምሉን ተጽዕኖ ዘሕድሩሎም ጸገማት ዘለውዎም ህጻናት ይገልጽ።**

እዞም ናይ ቛንቛ ጸገማት:

- ኣብ ቑልዕነት ግዘ ጀሚሩ ክሳብ ግዘ ጕርዞ ምዃን ክቕጽል ይኽእል
- ኣብ ቤት ትምህርቲ፤ ኣብ ገዛን ኣብ ማዓልታዊ ናብራ ሕይወትን ርክብ ንምፍጣር ብዓቢኡ ይጸልው
- ብኻልኦት ብምርመራ ዝተርኣዩ ጸገማት ከም ኣውቲዝም፤ ዝሕታለ ኣእምሮ (ናይ ምምሃር ጕድዓተኛ) ወይኻዓ ናይ ሓንጎል ጕድዓት
- ምስ ኻልኦት ጸገማት ማለት ከም ADHDን  ናይ ምርዳእ/ምምሃር ጸገም/dyslexiaን ክረአ ይኽእል
- ዋላ እኳዕ ነዊሕ ግዘ ክወስድ እንተኻኣለ’ እውን፤ ብናይ ፍሉይ ሰበሞያተኛ ጣልቓ ብምእታው ምርዳእ ይኻኣል እዩ።

## ንመን እዩ DLD ዝጎድእ?

- DLD ብጣዕሚ ዝተለምደ እዩ። DLD ን1 ካብ 14 ህጻናት ይጎድእ ወይ የጥቅዕ ተባሂሉ ይግመት - **እዚ ማለት ከኣ 2 ህጻናት ኣብ ነብሲ ወከፍ ክፍሊ ማለት’ዩ።**
- DLD ምስ ADHDን dyslexiaን ክረአ ይኽእል።

## ንናይ DLD ምኽንያት እንታይ እዩ?

- ንDLD ፍሉጥ ዝኾነ ጠንቂ የብሉን። ሓደሓደ ግዘ DLD ኣብ ስድራቤት ዝሓልፍ/ዝውረስ እዩ።
- ካብ ሓደ ቛንቛ ንላዕሊ ምምሃር ንናይ DLD ጸገም ኣይፈጥርን፤ እንተኾነ ግን እቲ ህጻን ኣብ ዝተቓልዖም ኩሎም ቋንቋታት ጸገማት ክህልው እዮም። DLD ዘለዎም ሕጻውንቲ ካብ ሓደ ቛንቛ ንላዕሊ ክማሃሩ ይኽእሉ፤ የግዳስ ነዊሕ ግዘ ክወስደሎም ይኽእል።

## DLD እንታይ ይመስል?

DLD ዘለዎም ሕጻውንቲ እዞም ዝስዕቡ ጸገማት ክነብርዎም ይኽእሉ:

- **ናይ ቛንቛ ትሕዝቶ**: ብኸመይ ንሓሳብ፤ ንፍጻመ፤ ንስጕምቲን ርክባትን ትዘራረብ ።
- **ናይ ቛንቛ ኣቀማምጣ ቅርጺ**: ናይ ድምጽታት፤ ቃላትን ኣረፍተ ነገራትን ተሰሪዖም ይቕመጡ፤ ትርጉም መታን ክህቡ።
- **ናይ ቛንቛ ኣጠቓቕማ**: ናይ ኣዘራርባ ርክብ ማሕበራዊ ደንቢታት፤ ማለት ከም ብተራ ሓሊኻ ምዝራብን ብዓይኒ እንዳተጠማመትካ ምዝራብን።

## LDCs እንታይ እዮም?

DLD ዘለዎም ሕጻውንቲ ካብ መማሃራንን፤ ብናይ ኣዘራርባ ሰበ-ሞያተኛታት/ speech pathologists ኣቢሉ ሓገዝን ስልጠናን ብዝረኸቡ ናይ ትምህርቲ ደገፍ መዳለውቲን ይጥቐሙ። ናይ ቛንቛ መማዕበሊ ማእከላት (LDCs) ብማንም ተጽዕኖ ዘይንበረሉ ብባዕሉ ዝምራሕ ናጻ ዝኾነ ንDLD ዘለዎምን ቅድመ ኩነታ ዘማልኡን ሕጻውንቲ ዝኸውን ሕዝባዊ ቤት ትምህርቲ እዮም። ሕጻውንቲ ብናይ ኣዘራርባ ሰበሞያን ብቤት ትምህርቲ ስነ-ልቦናዊ ወይኻዓ ብናይ ሕጻን ሓኪም ኣቢሉ ናብ ቛንቛ መሰጋገሪ ማእከል (LDC) ክለኣኹ ኣለዎም። ንቐጻላይ ዓመት ቦታ ንምርካብ ምልኣኽ ዝጅምሮ በብዓመቱ ወርሒ መስከረም/ September ይኸውን።

እቶም ዝተፈቐደሎም ተማሃሮ ኣብ’ቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ መደባዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ክንዲ ምኻድ ናብ ቛንቛ መሰጋገሪ ማእከል (LDC) ይኸዱን ብናይ WA ስርዓተ ትምህርቲ ዝኸይድ ፍሉይ ናይ ቛንቛ ፕሮግራም ይረኽቡ። NEMLDC ካብ መዋዕለ ህጻናት ክሳብ ክፍሊ/Year 2 ንዘለዉ ሕጻውንቲ **እንተበዝሓ ንሰለስተ ዓመታት የተኣናግድ**። ህጻናት ብድሕሪኡ ናብ ከባቢኦም ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ይሰጋገሩ።

## ዝበለጸ መረዳእታ ትደሊዩ’ዶ?

- ብዛዕባ DLD ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ናብ **NEMLDC & Outreach Service** ብስልኪ 9218 1600 ደውሉ ወይኻዓ ኣብ ናትና ድረገጽ http://northeastldc.wa.edu.au/. ኣቲኹም ረኣዩ/ተመልከቱ።
- **Child Development Service (CDS)** ኣብ ፐርዝ ክልል ከተማ ውሽጢ ንሕጻውንቲ ብናጻ ኣገልግሎት ይህብ። ብዛዕባ ናባና ትለኣኹሉ መረዳእታ ኣብ’ዚ ይርከብ https://cahs.health.wa.gov.au/our-services/community-health/child-development-service
- **ናይ ግሊ ኣዘራርባ ሰበሞያተኛታት/Private speech pathologists** ብመንገዲ ናይ ኣውስትራሊያ ኣዘራርባ ሰብሞያ/ Speech Pathology Australia ኣብ ድረገጽ www.speechpathologyaustralia.org.au ወይኻዓ ኣብ ምዕራብ ኣውስትራሊያ ናይ ግሊ ኣዘራርባ ሰበሞያተኛታት ማሕበር/Private Speech PathologistsAssociation of Western Australia ኣብ ድረገጽ www.pspawa.com.au ክርከቡ ይኽእሉ።

ብዛዕባ DLD ዝበለጸ መረዳእታ ኣብ’ዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ: https://radld.org/